# ስልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብሓድሽ ኣወዳድባ ንራእይ ናይ ህዝብና ንምዕዋት ዝተበገሰ ሓይሊ'ዩ

**ክፍሊ ዜናን ባህል**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**22.09.2008**

**ራእይ ነይሩና ኢዩ፡-**

ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት፡ ኵሉ ዘሎና ዋላ ውን እታ እንፈትዋ ህይወትና ከነወፊ ዝደረኸና ራእይ ነይሩና። ራእይና፡ ንመግዛእታዊ ጭቆና ደርቢና፡ ፍትሒ፡ ሰላም፡ ብልጽግናን ዝሰፈና ሃገር ምህናጽ'ዩ ነይሩ።

**ራእይና ክዕወት፡ ሓድነት ህዝብና ምርግጋጽ ግድነት ነበረ፡-**

ጸላእትና ብዙሓትን ሓያላትን ስለዝነበሩ፡ ሰውራና ብዘይ ሓድነት ክገጥሞም ከምዘይክእል ርዱእ ኢዩ። ንመግዛእታዊ ጸላኢን ተሓባበርቱን ክንምክተሉ እንኽእል ኣገባብ ብሓድነት እንተዘይኰይኑ ካልእ ምርጫ ኣይነበረናን። ስለ'ዚ፡ ንጕዳይ ሃገራዊ ሓድነት ከም ማእከላይ ዕላማ ብምውሳድ፡ ምሂርናሉን ተቓሊስናሉን ኢና። ሽሕ'ኳ፡ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ሓሓሊፉ ዝግሃድ ናይ ሕድሕድ ውግኣት እንተነበረ፤ ህዝብና ግን፡ ቀሺ ዝበለካ ግበር፡ ቀሺ ዝገብሮ ግን ኣይትግበር ካብ ዝብል ምስላ ተበጊሱ፡ ክልቴኹም ደቅና ...ክልቴኹም የማናይን ጸጋማይን ዓይንና... ብምባል ተቓውሞኡን ቍኔኡን ንውግእ ሓድሕድ ብምግላጽ፡ ኣብ ሃገራዊ ሓድነት ዝነበሮ እምነትን መርገጽን ብግብሪ ኣመስኪርዎ ኢዩ። ሳላ'ዚ ሓድነት'ዝን፡ ሳላ ቃልስን ጽንዓትን ህዝብናን ከኣ'ዩ ሃገራዊ ናጽነት ክረጋገጽ ዝተኻእለ።

**ራእይና ክውን ንምግባር፡ ፈተውቲ ከነብዝሕ ጸላእቲ ድማ ከነውሕድ ነይሩና፡-**

ነዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝርከብ ኤርትራዊ ኣብ ጐድኒ ሰውራኡ ደው ክብል፡ ክውደብን ክቃለስን ጐስጒስና። ነቶም ምስ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኰይኖም ኣንጻር ሰውርኦም ዝዋግኡ ዝነበሩ ሓይልታት ከሲብና፡ ኣብ ጐድኒ ህዝቦምን ቃልሶምን ደው ከምዝብሉ ንምግባር በቒዕና። እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ብመግዛእታዊ ስርዓታት ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዕታት ዓለም ክፍለጦን፤ ፈሊጡ ድማ ክኹንኖን ምስ ህዝብና ክደናገጽን ደጋጊምና ንጽውዕ ነበርና። ህዝብና ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ይምቋሕ፡ ይቕተል፡ ይስደድ ኣሎ ኢልና ኣውያትና ነስምዕ ነበርና። ሰውራና፡ ብስም ስደተኛታት፡ ካብ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ማእለያ ዘይብሉ ሰብኣዊ ደገፍ ምርካቡ ድማ ኣሉ ዘይብሃል ሓቂ ኢዩ።

ንሕና ካብ ካልኦት ደገፍ ከም እንደሊ እምበር፡ ካልኦት ካባና ደገፍ ከምዘይደልዩ ኣዐሪና ንፈልጥ ነበርና። ገለገለ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ንውሽጣዊ ቅልውላዋቶም ከህድኡ፡ ንቃልስና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከእትዉን፤ ተጋደልትና ክኣስሩን ንጸላኢ ከረክቡን፤ ንሰውራና ዝመጸ ደገፋት ክዘምቱን ከለዉ፡ ጸላእቲ መታን ከይነብዝሕ፡ ልቢ ኣዕቢና፡ እናፈለጥና ከምዘይፈለጥኛ፡ እናርኣና ከምዘይርኣና ብትዕግስትን ብጽሮትን ኢና ነሕልፎ ኔርና። በዚ ስልቲ'ዚ ድማ፡ ናይ ጐረባብትና ኣህዛብን መንግስታትን ደገፍ ረኺብና። ንሃገሮም ከም ስንቅናን ዕጥቅናን ዝሓልፈሉ፡ ሕሙማትናን ውጉኣትናን ዝፍወስሉ፡ ካልኣይ ሃገርና ተጠቒምናሉ። ከምኡ ውን፡ ጸጋታቶም ምስ ህዝቦም እናተኻፈልና፡ ብናይ መንነት ወረቓቕቶም እናተጠቐምና ዘድልየና ንገብር ነበርና።

ህዝቢ ኢትዮጵያን መንግስቲ ኢትዮጵያን ክልተ ዝተፈላለዩ ነገራት ምዃኖም፤ ጸላእትና ገዛእቲ ስርዓታትን ደርብታትን ኢትዮጵያ ደኣ'ምበር፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከምዘይኰነ ብምርዳእ፡ ነዚ ዘነጽር ፖሊሲ ሓንጺጽና ተቓሊስና። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ምስ ህዝብን ተቓወምቲ ስርዓትን ኢትዮጵያ

ኰይና ኣንጻር ሓባራዊ ጸላእትና ተዋዲቕና፡ ንጸላእትና ድማ ክንስዕር በቒዕና። ሕጂ ደኣ እንታይ'ዩ ዓዚሙና?

**ራእይና ዘጸልመተ ስርዓት፡-**

ነዚ፡ ብጽሮትን ትዕግስትን ቀስ ኢልና፡ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ እናንበርና ዝሃነጽናዮ ቤት ዘፍረሰን ንራእይናን ሕልምታትናን ዘጸልመተን ስርዓት ህግደፍ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ብዘይካ ዕምሪ ስልጣኑ ምንዋሕ ካልእ ራእይ የብሉን። ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ እምበኣር፡ መሰረታዊ ጸገምና ራእይ ዘይብሉ ስርዓት ኣብ ሃገርና ነጊሱ ምህላዉ ኢዩ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ነቲ ብዓጽምን ደምን፤ ብትዕግስትን ጽሮትን ልቦናን ዝሃነጽናዮ ሓድሽ ባህልን ስምን ታሪኽን ሓደ ብሓደ ኢዩ ኣብሪስዎ። ንስሙን ዝናኡን ክብል ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ውግእን ወጥርን ኣትዩ። ንሕቡራት ሃገራት፡ ንሓድነት ኣፍሪቃ፡ ንዓረብ ሊግን ኣባላተን ዝኾኑ ሃገራትን ኣቔናጺቡ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ዓቕሚ ዘለዎ ክመስል፡ ንኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ኣህጉራዊ ናይ ረዲኤት ማሕበራትን ክጻባእ ተራእዩ። ከም ውጽኢቱ ህዝብና ኣደዳ ሞትን ስንክልናን ስደትን ድኽነትን ምዃኑ ብሩህ ኢዩ። ነቲ ፈተውትና ነብዝሕ ጸላእትና ድማ ነውሕድ ዝብል ሰውራና ዝኽተሎ ዝነበረ ፖሊሲ ብሰንጣቕ ኢዩ ቀይርዎ። ፖሊሲኡ ጸላእትና ነብዝሕ፡ ፈተውትና ድማ ነውሕድ ኢዩ ኰይኑ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ንኤርትራ ዝተነጸለት ደሴት ኣብ ዓለም ገይርዋ። እዚ ትማሊ ትማሊ ጠንቂ ስደትን ሞትን ስቅያትን ህዝብና መግዛእታዊ ጭቆናን ድኽነትን ኢዩ እናበለ ዝጕስጕስን ዝሰብኸን ዝነበረ ጕጅለ፡ ሎሚ ንባዕሉ ጠንቂ ናይ ስደትን ድኽነትን ኰይኑ። ነዚ ሓቂ'ዚ ክሽፋፍን ድማ፡ እዞም ንስደት ዘምርሑ ዘለዉ መንእሰያት ህርፋን ዶላር ዘለዎም ናይ ሕብረተ-ሰብና ግለት ኢዮም ኢሉ ክገልጾም ተሰሚዑ። ኣብ መዋእል መግዛእቲ ተረጊጹ ዘይፈልጥ ምድረ-ብዳን ተሰጊሩ ዘይፍለጥ ውቅያኖሳትን ክሰግሩ ዘገድዶም ዘሎ ህርፋን ናይ ዶላር'ዩ ምባሉ፡ ራእይ ዘይብሉ መራሒ ምዃኑ ጥራሕ ኢዩ ዘመልክት። ኣብ ኤርትራ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ብልጽግና፡ ዲሞክራሲ እንተዝሰፍን እዞም መንእሰያት እዚኣቶም ነዚ ኵሉ ሓደጋታት'ዚ ዝጋለጹሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣይምነበሮምን። እዞም መንእሰያት እዚኣቶም" ፖለቲካዊ ጭቆናን ቊጠባዊ ቅልውላዋትን ስለዘንገፍገፎም ኢዮም ዝፈትውዋ ሃገሮምን ዝፈትውዎም ስድራ ቤታቶምን ገዲፎም ዝስደዱ ዘለዉ።

**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብሓድሽ ኣወዳድባ ንራእይ ህዝብና ከዐውት ዝተበገሰ ሓይሊ ኢዩ፡-**

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ራእይ ኣይኰነን ዝፈጥር ዘሎ። እቲ ራእይ ዝነበረን ዘሎን ናይ ህዝብና ራእይ ኢዩ። እዚ ራእይ'ዚ ግን፡ ብስርዓት ኢሳያስ ተዓናቒጹ ስለዘሎ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ራእይ'ዚ ንምዕዋት፡ ብሓድሽ ኣገባብን ብሓድሽ ኣወዳድባን ዝብገስ ዘሎ ሓይሊ ምዃኑ ክበርህ ይግባእ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመጻኢ ንጠምት፡ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽን ፍልልያትን ዕንክሊል ኣይንበል ዝብል እምነት ዘለዎ ሰልፊ ኢዩ። ጀብሃ ሻዕብያ፡ መግዛእትን ጸረ-መግዛእትን ዝብሃል ፍልልይ ታሪኽ ኰይኑ'ዩ፤ ናይ'ዚ እዋን'ዚ ሕቶ፡ ናይ ፍትሒ፡ ሰላም፡ ዲሞክራሲ፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ናይ ብዙሕነትን ሕቶ'ዩ ዝብል እምነት ዘለዎ ሰልፊ ኢዩ። ኣንጻር ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ናይ ምምካትን ዘይምምካትን ሕቶ ደኣ'ምበር፡ ኣንጻር ናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝካየድ ቃልሲ ኣይኰነን። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ነቲ ህዝብና ዘበገሶ እሞ፡ ስርዓት ኢሳያስ ዝቘጸዮ መስርሕ ንምቕጻል ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ እቶም ተመሳሳሊ ራእይን መደብ ዕዮን ዘለዎም ውድባት ሓደ ሰልፊ ከቘሙ ይጽውዕ። ዝተፈላለየ መደብ ዕዮን ራእይን ዘለዎም ግን ከኣ፡ ኣብ ውድቀት ናይ'ዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ረብሓ ዘለዎም ድማ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ክጥርነፉ ወይ ናይ ልፍንቲ ግንባር ክምስርቱ ከምዘለዎምይኣምን።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሓደስቲ ወለዶን ንደቂ ኣንስትዮን ዘሳትፍ ሓድሽ ውደባን ሓድሽ ኣተሓሳስባን ሓድሽ ዕማማትን ክህሉ ዝጣበቕ ሰልፊ ኢዩ።